Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# ክፍለጥ ዝግብኦ ሐበሬታ

ሰዓታት ስራሕ / በዓላት
መንበሪ ፍቓድ
ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት
ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ
እንስሳ ዘቤት
ኣብ ስዊዘርላንድ ብሓባር ምንባር

# ሰዓታት ስራሕ / በዓላት

ኣብ ስዊዘርላንድ መብዛሕትኡ ድኳናት ሰንበት ዕጽው እዩ። ብዘይካ ኣብ መደበራት ባቡርን መደበራት ነዳድን ዝርከብ ድኳናት። ህዝባዊ በዓላት ብካንቶን እዩ ዝመሓደር።

## በዓላት

በዓላት ኣብ ሕጊ ሽቃሎ ዝተሓገገን ብሕጋዊ መገዲ ምስ ሰንበት ዝመዓራረን እዩ። 1 ነሓሰ (ሃገራዊ በዓል) ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ህዝባዊ በዓል እዩ። ብተወሳኺ ነፍሲ ወከፍ ካንቶን ተወሳኺ ወግዓዊ በዓላት ከብዕል ይኽእል እዩ። ኣብ በርን እዚ ዝስዕብ ህዝባዊ በዓላት ኣሎ፡ በዓል ሓድሽ ዓመት (1 ጥሪ)፡ መዓልቲ በርኽቶልድ (2 ጥሪ)፡ ዓርቢ ስቕለት(ዓርቢ ቅድሚ በዓል ትንሳኤ)፡ በዓል ትንሳኤ ሰኑይ (ሰኑይ ድሕሪ በዓል ትንሳኤ )፡ መዓልቲ ዕርገት(ሓሙስ 40 መዓልቲ ድሕሪ በዓል ትንሳኤ )፡ ሰኑይ በዓል ጴንጠቆስጠ (50 መዓልቲ ድሕሪ በዓል ትንሳኤ ) ሃገራዊ በዓል (1 ነሓሰ)፡ ልደት (25 ታሕሳስ) መዓልቲ ቅዱስ ስቲፋኖስ (26 ታሕሳስ)።

## ሰዓታት ስራሕ ድኳናት (ምኽፋት ድዃናት)

ናይ ድኳናት ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ እዩ። ኣብ ካንቶን በርን እዚ ዝስዕብ ሓፈሻዊ ናይ ድኳናት ናይ ስራሕ ሰዓታት ይስርሓሉ፡

- ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 6 ክሳብ ሰዓት 20 (ማለት ካብ ሰዓት 6 ቅድሚ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 8 ድሕሪ ቀትሪ)
- ቀዳም ካብ ሰዓት 6 ክሳብ ሰዓት 17 (ማለት ካብ ሰዓት 6 ቅድሚ ቀትሪ ክሳዕ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ (ንመዓልትታት ድሮ ህዝባዊ በዓላት እውን ዝምልከት እዩ)

ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ክሳብ ሰዓት 22 (ማለት ክሳብ ሰዓት10 ናይ ምሸት) ክሸየጥ ይፍቀድ። ሰንበት መብዛሕትኡ ድኳናት ዕጹው እዩ። ብዘይካዚ ድኳናት ኣብ ምውፋር ባቡርን መደበራት ነዳዲ መብዛሕትኡ ግዜ ን 7 መዓልቲ እዩ ዝኽፍት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ኣቐዲምካ ዝኽፈትን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድሒሩ ዝዕጾን መደበራት ነዳዲ ኣሎ። ኩሉ ካልእ ድኳናት ሰንበት ወይ ህዝባዊ በዓላት ኣብ ዓመት ክልተሳዕ ክኽፈት ይፍቀድ እዩ።

## ህዝባዊ ምምሕዳር ሰዓታት ስራሕ (ምኽፋት)

ምምሕዳር ካንቶናት ዝኽፍተሉ(ዝጅምረሉ) ሰዓታት ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ኣብያተ ጽሕፈት ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ንግሆን ድሕሪ ቀትርን እዩ ዝኽፈት፡ ኣብ እዋን ምሳሕ ከኣ ይዕጾ። ምምሕዳራት ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ዝኽፍተሉ ሰዓታት ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ። ብፍላይ ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳራት ናይ መኽፈቲ ሰዓታት ውሱን(ድሩት) ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝኾነ ኾይኑ እቲ ቤት ጽሕፈት መዓስ ይኽፈት ኣቐዲምካ ብኢንተርነት ወይ ብተሌፎን ክትሓትት ጠቓሚ እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/opening-hours--holidays

Kanton Bern
Canton de Berne

hallo–bern.ch
salut–berne.ch

# መንበሪ ፍቓድ

**አብ ስዊዘርላንድ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ንኽትነብር ወይ ንኽትሰርሕ ፍቓድ የድሊ። ፍልልይ አብ መንን ዝተፈላለየ ናይ መንበሪ ፍቓድን ከምኡውን ናይ መሰፈሪ(መዕረፊ) ፍቓድን ኣሎ።**

## ዝተፈላለየ ዓይነት ፍቓድ

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ትጸንሕሉ እዋን ዝሰርሕ ወይ ኣብዚ ንልዕሊ 3 ወርሒ ዝጸንሕ(ዝቕመጥ) ዝኾነ ሰብ ፍቓድ የድልዮ እዩ። መንበሪ ምምሕዳር ከተማ( ከባቢ) ዳርጋ ንኹሉ እቲ ብዛዕባ መንበሪ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝለዓል ሕቶታት ብቐዳምነት ዝሕተተሉ ቦታ እዩ። መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ዘመልከትክሞ ናብ ኣገልግሎት ኢምግሬሽን ይልእኾ። ድሕሪኡ ኣገልግሎት ኢምግሬሽን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትክሞ ሕቶኹም ይውስን። ፍልልይ ኣሎ ኣብ መንን ናይ ሓጺር እዋን ናይ መንበሪ ፍቓድ (ክሳዕ 1 ዓመት) ናይ መንበሪ ፍቓድ (ከከም ዜግነቶም ን 1 ዓመት ወይ ን 5 ዓመት ጥራይ ዝተሓጽረ) ከምኡውን ናይ መዕረፊ ፍቓድ (ንዘይተወሰነ) ከምኡውን ናይ ዶብ ሰገርቲ ናይ ምጉዕዓዝ ፍቓድ።

- **ናይ ሓጺር እዋን መንበሪ ፍቓድ ኤል (L)** (Ausweis L | livret L)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ነቶም ንእተወሰነ እዋን(መብዛሕትኡ ግዜ 1 ዓመት) ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ሰባት እዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ (EU-/EFTA) ካብ 3 ወርሒ ክሳዕ ሓደ ዓመት ናይ ስራሕ ውዕል (ስራሕ ርክብ) ከም ዘለዎም ከረጋግጹ ዝኽእሉ፡ ነዚ ፍቓድ እዚ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
- **መንበሪ ፍቓድ ቢ(B)** (Ausweis B | livret B)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ነቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ዝጸንሑ ሰባት እዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ ( EU/EFTA) ኣብ ስዊዘርላንድ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ይሰርሑ ከም ዘለዉ ከረጋግጹ (Arbeitsvertrag | contrat de travail) ዝኽእሉ እንተ ኾይኖም እዚ መሰል እዚ ኣለዎም። እዚ ፍቓድ ንዜጋታት ኤውሮጳ/ኤፍታ(EU/EFTA) ን5 ዓመት እዩ ዝወሃብ። ካብ ካልኦት ሃገራት ንዝመጹ ሰባት እቲ ግቡእ እዋን 1 ዓመት እዩ። ድሕሪኡ ተወሳኺ ግዜ ንክናዋሕ ክሕተት ኣለዎ። እዚ ምንዋሕ እዚ ምስ ኩነታት እቶም ሰባት ክተሓሓዝ ይኽእል እዩ፥ ንኣብነት ምስ ናይ ጀርመን ኮርስ ምክፋል። ገለ ምኽንያታት ንኣብነት ጽግዕተኛ ማሕበራዊ ሓገዝ እንተኳንካ ወይ ገበን እንተ ኣለካ(ፈጺምካ) ነዚ ናይ ምንዋሕ መሰል ክዕንቅጾካ ይክእል እዩ። ከምኡውን ንዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታት B(ቢ) መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም እዩ።
- **ናይ ስዊዝ መንበሪ ወረቐት/መዕረፊ (መሰፈሪ)ፍቓድ ሲ(C)** (Ausweis C | livret C)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ን 5 ወይ 10 ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ (ምንባር) እዩ ዝወሃብ። ኣብዚ እውን ን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ ( EU/EFTA) ን ካብ ሳልሳይ ዓለም ዝመጹ ሰባት ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነት ይሕተት እዩ።

ዓይነት ፍቓድ ንሓተቲ ዑቕባ (ኣሳይለም)፡

- ሓተቲ (ደለይቲ) ዑቕባ (N-Ausweis | livret N)
- ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ወጻእተኛታት (F-Ausweis | livret F)
- ግዝያዊ መንበሪ ፍቓድ ስደተኛታት (F-Ausweis | livret F)
- ዑቕባ ዝተዋህቦም ስደተኛታት (B-Ausweis | livret B)

## መንነት ወጻእተኛ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይ ወጻእተኛ ካርድ መንነት ይቕበሉ(ይወሃቦም)። ዓይነት መንነት ካርድ ኣብ ዝተፈላለየ መለክዒታት እዩ ዝምርኮስ። ናይ ክረዲት ካርድ ዝመስል መንነት ካርድታትን ናይ ወረቐት መንነት ካርድታትን(ባዮሜትርያዊ ዘይኮነ ናይ ወጻኢ መንነት ካርድ)ኣለዉ (Nicht biometrischer Ausländerausweis, Nicht biometrischer Ausländerausweis|Titre de séjour non biométrique)። ገሊኦም ሰባት ባዮሜትርያዊ መንነት ወጻእተኛ ካርድ ይቕበሉ(ይወስዱ) እዮም። እዚ መንነት ካርድ ናይ ሓበሬታ ቺፕ(Datenchip)፡ ኣሰር ኣጻብዕቲ፡ ናይ ገጽ ስእሊን ፊርማን ዘለዎ ኮይኑ ስእሊ ይምዝገብ።። ዝምልከቶም ሰባት ካብ ኣገልግሎት ስደተኛታት ናይ ቆጸራ ዕድመ ክረኽቡ እዮም። ብድሕሪኡ ባዮሜትሪክ ሓበሬታኦም ብካንቶን በርነ ኣገልግሎት ፓስፖርትን መንነት ወረቐትን ክምዝገብ ኣለዎ። ነዚ ንምግባር ባዕሎም ቆጸራ ክገብሩ ኣለዎም። ኩሉ ናይ መንነት ካርድታት ካብ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ክውሰድ ይከኣል እዩ። እቲ ናይ መንነንት ካርድ እንተ ተሰርቑ ወይ እንተ ጠፊኡ ብኡንብኡ ናብ ፖሊስ ክትነግር(ክተመልክት) ኣሎካ።

## ምንዋሕ ፍቓድ

ከከም ዓይነት መንበሪ ኩነታትን(ፍቓድን) ዜግነትን እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ኣብ እተፈላለየ እዋን ክሕደስ ኣለዎ። ምንዋሕ ኣድላይ እንተ ኾይኑ ቅጥዒ/ፎርም (ናይ መወዳእታ መዘኻኸሪ/መጠንቀቕታ) ክለኣኸልካ እዩ። እዚ ቅጥዒ እዚ እቲ ፍቓድ ቅድሚ ምውዳኡ እንተ ወሓደ ቅድሚ 2 ሰሙን ምስ ግቡእ ፓስፖርት ናብ መንበሪ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ክወሃብ ኣለዎ። መንበሪ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ነቲ ዘመልከትክሞ ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ (ABEV | OPOP) ይልእኾ። እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ንክናዋሕ ዘድሊ ቅድመ ኩነት ዘማልአ እንተ ኾይኑ ይምርምር። ገለ ሕቶታት እንተ ኣልይኩም በጃኹም ምስ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ ወይ ምስ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ብዝሒ ህዝቢ (ABEV | OPOP) ተራኸቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/residence-permit

# ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት

ነፍሲ ወከፍ በጽሒ ናይ ብሕቲ ናይ ሓላፍነት መድሕን ክህልዎ ኣለዎ ። እዚ ኸኣ ብዘይፍላጥ ንሰባት ወይ ንነገራት(ኣቕሓ) እንተ ኣበላሺኻ(የዕኒኻ) ወጻኢ.ታትካ ይሽፍነልካ።

## ብሕታዊ ሓላፍነት

ንኻልእ ሰብ እንተ ጎዲእካዮ ወይ ናይ ካልእ ሰብ ኣቕሓ(ነገር) እንተ ኣበላሺኻ(የዕኒኻ) ብገንዘብ ተሓታቲ ኢኻ። ዋላ እውን እቲ ጉድኣት ደይመደይ ኢልካ እንተዘይ ኣጋጠመ (ዘይተበጊሱ'ውን) እዚ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ዝኾነ ሰብ ብቆልዑ ወይ እንስሳታት ገዛ ንዝወርድ(ንዝስዕብ) ጉድኣት ተሓታቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝኽፈል ዋጋ ኣዝዩ ልዑል(ብዙሕ) ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ብበረድ ሸተት ክትብል ከለኻ ንሓደ ሰብ እንተ ጎዲእካዮ፡ እቲ ጉዳት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ፍራንክ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ናይ ብሕቲ ሓላፍነት መድሕን

ሓደ ሰብ ጉድኣት( ዕንወት) እንተ ኣጋጢምዎ ኣብ ቁጠባዊ ጸገማት ምእንቲ ከይኣቱ ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት የድልዮ (Privathaftpflichtversicherung | assurance responsabilité civile privée)። እዚ መድሕን ብመብዛሕትኡን ናይ ብሕቲ ኩባንያታት ይወሃብ እዩ። ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት መብዛሕትኡ ግዜ ንኹሎም ኣባላት ስድራቤት ብሓባር ክወሃብ ይከኣል እዩ። እዚ መድሕን እዚ ግዴታ ኣይኮነን። ይኹን እምበር ክህልወኩም ብጽኑዕ ንምሕጸን። ብዙሓት ኣካረይቲ(ወነንቲ መሬት) እውን ናይ ሓላፍነት መድሕን ይሓቱ እዮም።

## ረብሓታት(ኣገልግሎታት) መድሕን

ናይ ብሕቲ መድሕን ሓላፍነት ንውሕስነት ዝሃቦ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ዘስዓቦ ጉድኣት ሰብን ንብረትን ዝሽፍን እዩ። ንኣብነት ወጻኢ.ታት ጽገና፡ ወጻኢ.ታት ሕክምና፡ ካሕሳ ዝጠፍአ ደሞዝ ወይ ካሕሳ ስቓይን(መከራን) ክጥቀስ ይከኣል እዩ። ናይ ብሕቲ ሓላፍነት መድሕን ነቲ ብሰንኪ ገለ እንስሳታት ዘቤት(ገዛ) ዝወረደ(ዝሰዓበ) ጉድኣት እውን ዝሽፍን እዩ። ኣብ ሓንቲ ቤት ንዝነብሩ ሰባት ጉድኣት እንተ ኣውሪድካሎም ግን ኣይከፍልን እዩ። ደይመደይ ኢልካ ወይ ከቢድ ሸለልትነት ዘስዕቦ(ዘውርዶ) ጉድኣት እውን ኣይሽፍንን እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/personal-liability-insurance

# ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ

ሓሽሽ ዝሓዘ፡ ዝጥቀም(ዝወስድ) ወይ ዝሸይጥ ዝኾነ ይኹን ሰብ ክቕጻዕ(ክኽሰስ) ይኽእል እዩ። ኣልኮላዊ መስተን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ናይ ዕድመ ገደብ(ደረት) ኣለዎ።

## ሓሽሽ

ዘይሕጋዊ ሓሽሽ ምሓዝን፡ ምሻጥን ምጥቃምን ብሕጊ የቕጽዕ እዩ። እዚ ንሒደት ዓቐን እውን ይምልከት እዩ። ኣየናይ ንጥረ ነገራት ዘይሕጋዊ ምዃኑ ኣብ ሕጊ ሓሽሽ (Betäubungsmittelgesetz | Loi sur les stupéfiants) ተሓጊጉ እዩ። ሓሽሽ ምሻጥ ከቢድ መቕጻዕቲ እዩ ዘቕጽዕ።

## ኣልኮልን ትምባኾን

ኣልኮላዊ መስተን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ዕድመ ገደብ ኣለዎ። ንኣብነት ከም ቢራ፡ ወይኒ፡ ፍረ ወይኒ ዝኣመሰለ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ካንቶን በርን ንዝርከቡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን ኣባጽሕን ኣይሸየጥን ወይ ኣይወሃቦምን(ኣይመሓላለፍን) ። ንዝተወሰኑ ኣልኮላዊ መስተን ከም ስፕሪትስን ፍርያት ትምባኾን ዝኣመሰሉ ገደብ ዕድመ ዓመት 18 እዩ። ኣልኮላዊ መስተ ወይ ትምባኾ ናብ ንኣሽቱ ሰባት ዘመሓላልፍ ዝኾነ ሰብ ክኽሰስ(ክቕጻዕ ) ይኽእል እዩ። ኣብ ኣብያተ መግብን ድኳናትን ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ዕድመ ዓማዊል ክፈልጡ(ከጻርዩ) ኣለዎም።

## ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራ

ኣብ ስዊዘርላንድ ምትካኽ ሽጋራ ዝኽልክል እገዳ ብካንቶን ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ካንቶን በርን ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ዕጽው ቦታታት፡ ህዝባዊ ቦታታት (ኣብ ሆስፒታላት፡ ኣብ ምምሕዳራት፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ ኣብያተ መዘክር፡ ኣብ ሲነማታት፡ ኣብ ትያትራት፡ ኣብ ባቡራት፡ ኣብ ኣውቶቡሳት፡ ኣብ ድኳናት ከምኡውን ኣብ ማእከላት ዕዳጋ) ከይህሉ ዝተኣገደ እዩ። ኣብ ቤት መግቢ እውን ምትካኽ ሽጋራ ክልኩል እዩ። ብዘይካዚ ዝተፈልየን ኣየር ዝኣትዎን ሽጋራ ዝትከኾ ክፍልታት እኳ እንተሎ ሳሕቲ እዩ ዘጋጥም። ምትካኽ ሽጋራ ዝኽልክል እገዳ ንሰባት ካብ ናይ ጥዕና ሓደጋታት ንምዕቋብ ተባሂሉ እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/alcohol--tobacco--drugs

# እንስሳ ዘቤት

እንስሳ ገዛ ዝውንን(ዝሕዝ) ዝኾነ ሰብ ዝተፈላለየ ሕግታት ክኽተል(ክሕሉ) ኣለዎ። ንኣብነት ገለ ዓይነት እንስሳታት ኣብ ኩሉ ኣባይቲ(ገዛ) ክተሓዙ ኣይክእሉን። ወነንቲ ኣኽላባት ግብሪ ከልቢ ክኸፍሉ ኣለዎም።

## ምውናን እንስሳ ዘቤት

ኣብ ክራይ ገዛ(ኣባይቲ) ትነብር እንተ ደኣ ኴንካ ንኣሽቱ እንስሳታት ከም ሓሰማታት፡ ሃምስተርስ(ኣንጭዋ መሰል እንስሳ) ፡ ካናሪ ዑፍ ወይ ዓሳ ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ እንስሳታት ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር እንስሳታት (እንተላይ ድሙ ወይ ንኣሽቱ ኣኽላባት) ከይትሕዙ (ከይትውንኑ) ኣብቲ ክራይ ውዕል ኽልከል ይኽእል እዩ። ኣካራዪ ነቶም ድምጺ ዝገብሩ (ዝውጭጨ) ወይ ሓደገኛታት እንስሳታት'ውን ክኽልክሎም ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ ወነንቲ እንስሳታት ሕግታት ድሕንነት እንስሳታት ከኽብሩ ኣለዎም። ንገለ እንስሳታት(ንኣብነት ማንቲለ) ንበይነን ኣይትሕዞምን ትኸውን። ከምኡውን ግዝፍን ናውትን(ትሕዝቶን) ጋብያ(ሰፈር) እውን እንተኾነ ዝወሓደ ብቕዓታት ከማልእ ኣለዎ ። ብዙሓት እንስሳታት ( ናይ ወጻኢ እንስሳታት) ናብ ስዊዘርላንድ ክኣትዉ ፈጺሙ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ንገለ ከኣ ካብ ቤት ጽሕፈት ሓኪም እንስሳ ፍሉይ ፍቓድ የድልዮም።

## ከልቢ

ኣብ ካንቶን በርን ፍሉይ ሕጊ ኣኽላባት ኣሎ። እቲ ሕጊ ግዴታታት ወነንቲ ኣኽላባት ዝገልጽ እዩ። ሓኪም እንስሳ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ ።

- ኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ኣኽላባት ናይ ማይክሮቺፕ ምልክት ክገብሩን ኣብ ናይ ኣሚኩስ ዳታ ባንክ (Datenbank AMICUS) ሓበሬታ ክምዝገቡን ኣለዎም ። እቲ ከልቢ ፓስፖርት እንስሳታት ይወሃቦ ምስዚ እንስሳ እዚ ናብ ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ ክትከይድ እንተ ደሊኻ ኸኣ የድልየካ።
- ኣኽላባት ኣብ ትነብርሉ ምምሕዳር ከተማ(ከባቢ) ክምዝገቡ ኣለዎም ። ንነፍሲ ወከፍ ከልቢ ዓመታዊ ግብሪ ከልቢ ክትከፍል ኣሎካ። ብተወሳኺውን ናይ ሓላፍነት መድሕን ንኹሎም ወነንቲ ኣኽላባት ግዴታ ኣለዎ።
- ኩሎም ወነንቲ ኣኽላባት ነቲ ናይ ከልቦም ቀልቀል ኣልዒሎም ብግቡእ ክጉሕፍዎ ኣለዎም ። እቶም ከምኡ ዘይገብሩ መቕጻዕቲ ክወርዶም ይኽእል እዩ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/pets

# ኣብ ስዊዘርላንድ ብሓባር ምንባር

ነፍሲ ወከፍ ሃገር ናይ ገዛእ ርእሳ መለለይ ባህሊ ኣለዋ። ስለዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ክነስተውዕለሎም(ክጥንቀቐሎም) ዘለዎም ዘይተጻሕፉ ገለ ሕግታት እውን ኣለዉ። ይኹን እምበር እዚ ከከም ኩነታቱ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

## ዝተፈላለዩ ባህልታት

ስዊዘርላንድ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘለዋ ሃገር እያ። ብፍላይ ብምኽንያት እቲ ኣርባዕተ ቋንቋታት ዝዝረበሉ ከባቢ እዩ። ስለዚ ኣተሓሳስባና ካብ ዞባ ናብ ዞባ እንተ ተፈላለየ ዘገርም ኣይኮነን። ናይ ጀርመን ዝዛረቡ ፍሉይ ባህሊ ኣካል ስዊዘርላንድ ናይ ግድን ፈረንሳይ ንዝዛረቡ ኣካል ስዊዘርላንድ ዝምልከት ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ከተማታትን ገጠራትን ዘሎ ፍልልይ እውን ዓብይ ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ሒደት ምምስሳል ኣሎ ።

## ሰላምታ

ኣብ ስዊዘርላንድ ሰላም ንምባል ሰባት ኣእዳዎም ዘርጊሖም ኣዒንቶም ይጠማመቱ (ዓይኒ ንዓይኒ)፡ ዋላ ኣብ መንጎ ሰብኡትን ኣንስትን እውን ከይተረፈ ይጠማመቱ እዮም። ኣብ ካንቶን በርን ልሙድ ዝኾነ ናይ ሰላምታ "ግሩሲ/ግሩሰኽ"ብበርን ዶች ክምኡውን "ቦንጆኽ" ብፈረንሳይ፡ (ምስ ኣዕሩኽትኻ ከም "ሃሎ" ወይ "ትቹ/Tschou" ብዶች ወይ "ሳሉ" ብፈረንሳይ ዝኣመሰለ ሰላምታታት ኣሎ)። ኣብ ገለ ከባቢታት ካልእ ዓይነት ሰላምታ እውን ኣሎ ። ርግጸኛ እንተ ዘይኮንካ "ግሩሲ/ ግሩሰኽ" ወይ "ቦንጆኽ" እንተ በልካ ዝሓሸ እዩ። ኣብ ገጠራት ዝነብሩ ሰባት ዋላ እውን ዘይፋለጡ እንተ ኾኑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መገዲ ሰላም ይበሃሃሉ እዮም። የመስግነካ ከምኡውን በጃኻ ዝብሃላ ቃላት እውን ኣገደስቲ እየን፡ ንኣብነት ኣብ ድኳናት ወይ ኣብያተ መግቢ ብተደጋጋሚ "የመስግነካ" ከምኡውን "በጃኻ" ምባል ልሙድ እዩ።

## ሰዓት ምኽባር

እቲ ህቡብ(ውሩይ) ስዊዘርላንዳዊ ሰዓት ምኽባር ንስለዘረባ (ኣበሃህላ) ጥራይ ኣይኮነን ። ልዕሊ 5 ደቒቕ ደንጒኻ እንተ ኬንካ ብተሌፎን ክትነግሮም(ክትሕብሮም) ኣሎካ። ብፍላይ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ሰዓት ምኽባር ዓብይ ዋጋ(ኣገዳስነት) ኣለዎ። 5 ደቒቕ እውን እንተ ኾነ ከም ዝደንጎየ ጌርካ እዩ ዝርአ ። ደንጒኻ እንተ ኬንካ ነቶም ሓለፍትኻ ወይ መሳርሕትኻ ኣብ ግቡእ ግዜ ክትነግሮም ኣሎካ። ብሕት ኢልካ ኽትራኽብ እንተ ደሊኻ መብዛሕትኡ ግዜ ኣቐዲምካ ቆጸራ ኢኻ እትገብር። ከይነገርካ(ከይሓበርካ) ምብጻሕ ኣብ ናይ ብሕቲ ሃዋሁ እውን ከይተረፈ ልሙድ ኣይኮነን።

## ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ(ምብህሃል)

ንሓድሕድካ ብግቡእ ምርዳእ ብፍላይ ሓባራዊ ቋንቋ እንተ ዘይብልካ (ገና ክሳዕ ሕጂ) ኩሉ ሳዕ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ስዊዘርላንድ እውን ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ ልምዲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ይኹን እምበር ብሓፈሽኡ ክርአ ኸሎ ትሕትና ብዙሕ ዋጋ እዩ ዘለዎ ክበሃል ይከኣል እዩ። ሓሳባቶም ብቐጥታን ብንጹርን ዝገልጹ ሰባት እኳ እንተ ኣለዉ ብቐጥታ ካብ ምዝርራብ ዝቑጠቡ ካልኦት እውን ኣለዉ። እዚ ነቐፌታ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ተሓቢኡ እዩ ዝግለጽ። ይኹን እምበር ሓድሓደ ግዜ ሓደ ሰብ ነቐፌታ ከስተውዕል ትጽቢት ይግበረሉ እዩ። እዚ ቀሊል ኣይኮነን ናብ ግጉይ ርድኢት እውን ከምርሕ ይኽእል እዩ። ነቲ ኻልእ ሰብ ጽቡቕ ጌርካ ምስማዕ ነቲ ዝሰማዕካዮ ምድጋም ከምኡውን ገለ ነገር ዘይተረድኣካ እንተ ኴንካ ምሕታት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እዚ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ እውን ዝምልከት(ዝውዕል) እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ሰባት ኣብ ግጭት ብቐጥታ ንኸይጋጨዉ ይሓፍሩ እዮም። ከጋጥም ይኽእል እዩ ንኣብነት ካብ ጐረቤትካ ደብዳበ ክመጸካ ይኽእል እዩ ገለ ዘጨንቕ ነገር እንተ ኣጋጢምዎ ኣብ ክንዲ ቀጥታዊ ዝርርብ ምስኻ ዝደሊ። ሓደ ነገር ንጹር እንተ ዘይኰይኑ ብዙሕ ካብ ውሑድ ምሕታት ይሓይሽ ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/good-to-know/living-together-in-switzerland